**ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት ንተማሃሮን ስድራቤታትን ካሊፎርንያ**
ንመወዳእታ ግዜ ዝተሓደሰሉ፦ 16 ጥቅምቲ 2026

1. **እንታይ እዩ ኣጋጢሙ ETS ከ መን እዩ?**

   ETS ብዘይ መኽሰብ ዝሰርሕ ትካል ገምጋም ትምህርቲ ኮይኑ፣ ኣብ ካሊፎርንያ ኣብ ዝርከቡ መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ዝተመዝገቡ ኩሎም ተማሃሮ ብመሰረት ሕግታት ክፍለ ግዝኣት ካሊፎርንያን ፌደራል መንግስትን ክወስድዎ ዝግባእ ፈተናታት ንኽህብ ምስ መንግስቲ ካሊፎርንያ ብውዕል ዝሰርሕ እዩ። ETS ንኣብ ምሉእ ክፍለ ግዝኣት ካሊፎርንያ ዝካየዱ መደባት ገምጋም ተማሃሮ ይድግፍ። እዚኦም እቲ ናይ ካሊፎርንያ ገምጋም ዓወትን ዕቤትን ተማሃሮ (California Assessment of Student Performance and Progress, CAASPP) ከምኡውን ናይ ካሊፎርንያ ገምጋም ብቕዓት ቋንቋ እንግሊዝ (English Language Proficiency Assessments for California, ELPAC) የጠቓልሉ።

   ብዕለት 25 ሴፕቴምበር 2026፡ ETS ምስ CDE ናይ ካሊፎርንያ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ገምጋም ተማሃሮ ንምልውዋጥ ኣብ ልዕሊ ዝጥቀመሉ ሳይት SFTP፡ ብዘይ ፍቓድ ንጥፈታት ከም ዝተኻየዱ ፈሊጡ።

   ETS ነቲ ኣብቲ ፍጻመ ዝተሳተፈ ኣካውንት ኣቋሪጹዎ፣ ነቲ ዝተጸልወ ሳይት SFTP ካብ ኣገልግሎት ወጻኢ ክኸውን ብምግባር፣ ከምኡውን ብሓገዝ ናይ ደገ ክኢላታት ድሕነት ናይ ሳይበር መርመራ ጀሚሩ። እቲ መርመራ፡ ካብ 22 ሜይ 2026 ክሳብ 18 ሴፕቴምበር 2026 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ሓደ ብዘይ ፍቓድ ዝንቀሳቐስ ወገን፡ ዝተጠልፈ ናይ መእተዊ ሓበሬታ ተጠቒሙ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ናብቲ ሳይት SFTP ብምእታው፡ ሓበሬታ ተማሃሮ ካሊፎርንያ ዝሓዙ ፋይላት ከም ዝቐድሐ ድማ ኣረጋጊጹ።

   ETS ምስ ኣካላት ሕጊ ኣፈጻጽማን ክኢላታት ድሕነት ሳይበርን ድሕሪ ምስራሕ፣ እቲ ዳታ ንህዝቢ ብግልጺ ተበጻሒ ክኸውን ዘለዎ ተኽእሎ ሓደጋ ንምንካይ ስጉምትታት ወሲዱ እዩ።

   ETS ብቐጻሊ ናይ ኢንተርነት ክትትል ብምግባር፡ ክሳብ ሕጂ እቲ ሓበሬታ ንህዝቢ ዕላዊ ከም ዝተገብረ ዘመልክት ዝኾነ መርትዖ ኣይረኸበን።

2. **እንታይ ዓይነት ሓበሬታ እዩ በቲ ፍጻመ ዝተጸልወ?**

   ሓበሬታ ተማሃሮ ካሊፎርንያ፡ እንተላይ እቶም ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ትምህርቲ ዝተመዝገቡ ተማሃሮ፡ ግን ድማ በዚኦም ጥራይ ዘይተደረተ፡ ተረኺቡን ቅዳሑ ተወሲዱን እዩ። እቲ ብዘይ ፍቓድ ዝተረኽበን ቅዳሑ ዝተወሰደን ሓበሬታ፡ ETS ምስ ኣብ ምሉእ ካሊፎርንያ ዝካየዱ መደባት ገምጋም ተማሃሮ ብዝተኣሳሰረ መልክዑ ዝሕዞ ናይ ተማሃሮ ስነ-ህዝባዊ ሓበሬታ፣ ኣብ መደባት ዘለዎም ተሳትፎ ዝምልከት ሓበሬታ፣ ከምኡውን ናይ ገምጋም ውጽኢት ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ።

   እቲ ብዘይ ፍቓድ ዝተረኽበን ቅዳሑ ዝተወሰደን ሓበሬታ ተማሃሮ፡ ከከም ውልቀሰብ ይፈላለ እዩ፣ እንተኾነ ግን እዞም ዝስዕቡ ክህልዉዎ ይኽእሉ፦

- ኣስማት ተምሃሮ፣ ዕለት ልደት፣ ኣድራሻ መንበሪ፣ ስም ቤት ትምህርቲ፣ ዲስትሪክት፣ ከምኡውን ደረጃ ክፍሊ ትምህርቲ፤
- መለለዪ ቁጽሪ ተማሃራይ ናይ ክፍለ ግዝኣት (Statewide Student Identifier, SSID) ከምኡውን ናይ ከባቢ መለለዪ ቁጽሪ ተማሃራይ። ሓደ ናይ መላእ ክፍለ-ግዝኣት ተምሃራይ መለለዪ ቁጽሪ (Statewide Student Identifier - SSID) ማለት ኣብ ናይ ካሊፎርንያ ህዝባዊ ናይ K-12 ትምህርቲ ስርዓት ውሽጢ ንዝርከብ ነፍሲ ወከፍ ተምሃራይ ዝወሃብ፡ ፍሉይን ብመልክዕ ዕጫ ዝሰናዶን ናይ 10 ዲጂት ቁጽሪ እዩ። ዚያዳ ንምፍላጥ ኣብዚ www.cde.ca.gov/ds/sp/cl/ssid.asp ተወከሱ።
- ጾታ፣ ዓሌት ወይ ብሄራዊ መበቆል፣ ቀንዲ ቋንቋ፣ መበቆል ሃገር፣ ከምኡውን እንግሊዝኛ ቋንቋ ከም ተወሳኺ ቋንቋ ዝመሃር ተማሃራይ ምዃኑ ዝገልጽ ናይ ስነ ህዝቢ ሓበሬታ;
- ስንክልናን ኩነታት ብመሰረት ክፍሊ 504ን፣ ኣብ እዋን ፈተና ዝግበሩ ምትዕርራያት፣ ከምኡውን ቀንዲ ዓይነት ስንክልና፡
- ኣብ'ዞም ዝስዕቡ መደባት ንምስታፍ ዘሎ ብቑዕነት ዝምልከት ኩነታት፡ Title I፣ Part A፤ Title I፣ Part C፣ McKinney-Vento፤ ከምኡውን ምስ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ዝተኣሳሰረ ተማሃራይ (Military Connected Student)።
- ሓበሬታ ብቕዓት ቋንቋ እንግሊዝኛ፣ ከምኡውን ኣብ ምሉእ ክፍለ ግዝኣት ካሊፎርንያ ዝካየዱ መደባት ገምጋም ዝምልከት ምዝገባ፣ ተሳትፎን ውጽኢት ገምጋምን፣ ኣብ ዝምልከተሉ ኩነታት።

ናይ ነፍሲ ወከፍ ተምሃራይ መዝገብ/ሰነድ ነዚኦም ኩሎም ዓይነት ሓበሬታታት ዝሓዘ ኣይነበረን።

**እቲ ብዘይ ፍቓድ ዝተረኽበን ቅዳሑ ዝተወሰደን ዳታ፡ ቁጽሪ ማሕበራዊ ድሕነት (Social Security number)፣ ቁጽሪ መለለዪ መንጃ ፈቓድ፣ ቁጽሪ ፓስፖርት፣ ሓበሬታ ኣካውንት ፋይናንስ፣ ሓበሬታ ካርድ ክሬዲት ወይ ዴቢት፣ ወይ መሕለፊ ቃላት ኣካውንት ኣየጠቓልልን።**እቲ ፍጻመ ንውልቃዊ ሓበሬታ ወለዲ ወይ ሕጋዊ ኣለይቲ ኣይምልከትን።

ETS ምስ ኣካላት ሕጊ ኣፈጻጽማን ክኢላታት ድሕነት ሳይበርን ድሕሪ ምስራሕ፣ እቲ ዳታ ንህዝቢ ብግልጺ ተበጻሒ ክኸውን ዘለዎ ተኽእሎ ሓደጋ ንምንካይ ስጉምትታት ወሲዱ እዩ።

ETS ብቐጻሊ ኣብ ኢንተርነት ክትትል ብምግባር፡ ክሳብ ሕጂ እቲ ሓበሬታ ንህዝቢ ዕላዊ ከም ዝተገብረ ዘመልክት ዝኾነ መርትዖ ኣይረኸበን።

3. **ናተይ ወይ ናይ ውሉደይ ሓበሬታ ከም ዝተራእየን ከም ዝተቐድሐን ብኸመይ ክፈልጥ እኽእል?**

ETS፡ ብመሰረት ካብ CDE ዝተወሃቦ መምርሒ፡ በቲ ዝተፈጠረ ኣጋጣሚ ሓበሬታኦም ዝተራእየን ዝተቐደሐን በዚ ፍጻመ ዝተጸልዉ ተምሃሮን ስድራቤታትን የፍልጥ ኣሎ።

ብዛዕባ እቲ ኣጋጣሚ ዝገልጽ ናይ መተሓሳሰቢ ደብዳበ ወይ ኢመይል እንተበጺሑኩም፡ እዚ ማለት ናትኩም ወይ ናይ ውሉድኩም ሓበሬታ ኣብቶም ዝተራእዩን ዝተቐደሑን ፋይላት ውሽጢ ተጠቓሊሉ ነይሩ ማለት እዩ።

መተሓሳሰቢ ኣይተቐበልኩምን ማለት ግን ብግደታ ናትኩም ወይ ናይ ውሉድኩም ሓበሬታ ኣይተተንከፈን/ኣይተጎድአን ማለት ኣይኮነን።

እቶም በዚ ፍጻመ ዝተጸልዉ ሰባት፡ ካብ 2023 ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ ኣብ ዘሎ ናይ ትምህርቲ ዓመት ኣብ ናይ ካሊፎርንያ ህዝባዊ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተመዝገቡ ናይ ሕጂን ናይ ቀደምን ተምሃሮ፡ ከምኡ እውን ካብ 2006 ጀሚሮም ካብ ናይ ካሊፎርንያ ቤት ትምህርቲ ዝወጹን ናብ ካልእ ቤት ትምህርቲ ምሕላፎም ምስ CDE ዘየረጋገጹን ተምሃሮ የጠቓልሉ።

እቲ መተሓሳሰቢ፡ እንታይ ከም ዝተፈጸመ፡ እንታይ ዓይነት ሓበሬታታት ከም ዘጠቓለለ፡ እታ ግዝኣት እንታይ ስጉምትታት ትወስድ ከም ዘላ፡ ETS እንታይ ስጉምትታት ትወስድ ከም ዘላ፡ ዘለዉ ናይ መንነት-ሓለዋ ኣገልግሎታትን ናይ ውልቀ ሓበሬታኹም ንምሕላው ክትወስዱዎም ዝግባእ ስጉምትታትን የብራህርህ።

4. **እዚ ኣጋጣሚዚ ኣብቶም ሕጂ ዓበይቲ ዝኾኑ ወይ ናይ ቀደም ተምሃሮ ጽልዋ የሕድርዶ?**

እወ። እዚ ኣጋጣሚዚ ኣብ ናይ ቀደም ተምሃሮ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል እዩ፤ እዚ ድማ ኣብቶም ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ናይ ትምህርቲ ዓመታት ኣብ ናይ ካሊፎርንያ ቤት ትምህርቲ ዝተመዝገቡ ሰባት ጥራይ ዝተወሰነ ኣይኮነን።

እቶም በዚ ፍጻመ ዝተጸልዉ ናይ ቀደም ተምሃሮ (ሕጂ ዓበይቲ ዝኾኑ እውን ዘጠቓልል)፡ ኣብቲ ኣጋጣሚ ሓበሬታኦም ዝተወስደን ዝተቐደሐን እንተደኣ ኮይኑ፡ ነቲ ብነጻ ዝወሃብ ናይ መንነት-ሓለዋ ኣገልግሎታት ብቑዓት እዮም።

5. **ንነጻ ናይ መንነት-ሓለዋ ኣገልግሎታት ብቑዕ ዝኾነ መን እዩ፡ ብኸመይከ ይምዝገብ?**

ETS በዚ ፍጻመ ዝተጸልዉ ናይ ሕጂን ናይ ቀደምን ተምሃሮ (ሓበሬታኦም ዝተወስደን ዝተቐደሐን) ናይ 24 ወርሒ ናይ Experian IdentityWorks መንነት-ሓለዋ ኣገልግሎታት ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት የቕርብ ኣሎ።

ክልተ ናይ ኣገልግሎት ጥሙራት ይርከቡ፡-

- **ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ ቆልዑ፡-** ወለዲ ወይ ሕጋዊ ኣላይ ናይ ዝተጸለዉ ተምሃሮ ኣብ Experian IdentityWorks Minor Plus ክመዝግብዎም ይኽእሉ። ነዚ ፍርያትዚ ናይ ምምዝጋብ ናይ መወዳእታ ዕለት 19 መጋቢት 2027 ወይ ቅድሚኡ እዩ። **ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ Experian IdentityWorks ብምእታው ተመዝገብ፡- www.experianidworks.com/minorplus.**

ቅድሚ 19 መጋቢት 2029 ዕድሚኦም 18 ዝመልኦም ዝተጸለዉ ቆልዑ፡ 18 ምስ መልኦም ነቲ ምስቲ መተሓሳሰቢ ዝተወሃበ ናይ ዓበይቲ ፍርያት መበገሲ ኮድ ብምጥቃም ኣብቲ ናይ ዓበይቲ ፍርያት ክምዝገቡ ይኽእሉ።

- **ዕድሚኦም 18ን ልዕሊኡን ዝኾኑ ዓበይቲ፦** በዚ ፍጻመ ዝተጸልዉ ዓበይቲ (ናይ ቀደም ተምሃሮ እውን ዘጠቓልል)፡ ብቐጥታ ኣብ Experian IdentityWorks ክምዝገቡ ይኽእሉ። ነዚ ፍርያትዚ ናይ ምምዝጋብ ናይ መወዳእታ ዕለት 19 መጋቢት 2027 ወይ ቅድሚኡ እዩ። **ንምምዝጋብ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ Experian IdentityWorks ተወከሱ፦ www.experianidworks.com/identity.**

ናይ ምምዝጋብ መምርሒታት (ነቲ ዌብሳይትን መበገሲ ኮድን ዘጠቓልል) ምስቲ ናይ መተሓሳሰቢ ገጽ www.cde.ca.gov/ets ተታሒዞም ይርከቡ።

**በዚ ፍጻመ ዝተጸልዉ ሰባት ምዝገባ ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ዝወሃብ ኮይኑ፡ ናይ ክረዲት ካርድ ሓበሬታ እውን ኣየድልይን እዩ።**

Experian ብተወሳኺ በዚ ፍጻመ ዝተጸልዉ ብቑዓት ዝኾኑ ሰባት ናይ መንነት ስርቆት ኣጋጣሚ እንተጋጢሙዎም መንነት ናይ ምምላስ ደገፍ የቕርብ እዩ። እዚ ደገፍዚ እቲ መተሓሳሰቢ ካብ ዝተላእከሉ ዕለት ጀሚሩ ን24 ወርሒ ዝጸንሕ ኮይኑ፡ ኣብ ናይ ምክታታል ኣገልግሎታት ምምዝጋብ ኣይሓትትን እዩ።

6. **ናይ መተሓሳሰቢ ደብዳበ እንተዘይበጺሑኒከ እንታይ እዩ ክኸውን?**

**መተሓሳሰቢ ደብዳበ ዘይምቕባል ማለት ናትኩም ሓበሬታ ኣይተተንከፈን ማለት ኣይኮነን።**ገሊኦም ናይ ሕጂን ናይ ቀደምን ተምሃሮ፡ ብፍላይ ናይ ርክብ ሓበሬታኦም ተቐይሩ እንተደኣ ነይሩ፡ መተሓሳሰቢ ክበጽሖም ኣይክእልን እዩ።

እቶም በዚ ፍጻመ ዝተጸልዉ ሰባት፡ ካብ 2023 ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ ኣብ ዘሎ ናይ ትምህርቲ ዓመት ኣብ ናይ ካሊፎርንያ ህዝባዊ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተመዝገቡ ናይ ሕጂን ናይ ቀደምን ተምሃሮ፡ ከምኡ እውን ካብ 2006 ጀሚሮም ካብ ናይ ካሊፎርንያ ቤት ትምህርቲ ዝወጹን ናብ ካልእ ቤት ትምህርቲ ምስግጋሮም ምስ CDE ዘየረጋገጹን ተምሃሮ የጠቓልሉ።

ብዛዕባ ናይ መንነት-ሓለዋ ኣገልግሎታትን ደገፍ ንምርካብ ዝሕግዙ መምርሒታትን ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ www.cde.ca.gov/ets ተወከሱ።

7. **በዚ ፍጻመ ዝተጸልዉ ሰባት ሓበሬታኦም ንምሕላው እንታይ ክገብሩ ይኽእሉ?**

ነቶም በዚ ፍጻመ ዝተጸልዉ ተማሃሮ ኣብቲ ኣገልግሎት ሓለዋ መንነት ክተመዝግቦም ከም እትሓስብ፡ ከምኡውን ውልቃዊ ሓበሬታ ተማሃሮ ብጌጋ ንኸይጥቀሙሉ ብጥንቃቐ ክትከታተል ንላበ።

ብዛዕባ ቤት ትምህርቲ ተማሃራይ፡ ክልላዊ ገምጋም ተማሃሮ፡ ወይ እዚ ፍጻመ ዝጠቕሱ ዘይተጸበኻዮም ኢመይላት፡ መልእኽትታት ጽሑፍ፡ ወይ ብተሌፎን ዝቐርቡ ጻውዒታት ኩሉ ግዜ ብጥንቃቐ ክትሕዞም ይግባእ። ሓደ ዘይተጸበኻዮ ሰብ ውልቃዊ ሓበሬታ፡ መሕለፊ ቃላት ወይ ሓበሬታ ፋይናንስ ክትህቦ ምስ ዝሓተካ፡ ነዚ ሓበሬታ እዚ ኣይትሃብ። ኣብ ናይ መንነት-ሓለዋ ኣገልግሎታት ንምምዝጋብ ናይ ውልቀ ሓበሬታኹም ቅድሚ ምእታውኩም፡ ናይቶም ዌብሳይታት ኣድራሻታት ትክክለኛነቶም ኣረጋግጹ።

ዓበይቲ ሰባት ነጻ ናይ ክረዲት ጸብጻባት (free credit reports) ኣብ www.annualcreditreport.com ብምእታው ወይ ብስልኪ ቁጽሪ 1-877-322-8228 ብምድዋል ክረኽቡ ይኽእሉ። ዓበይቲ ሰባት ኣብ ናቶም ናይ ክረዲት ፋይላት ነጻ ናይ ሓለዋ እገዳ (security freeze) ክገብሩ ይኽእሉ።

ወለድን ኣለይትን እውን ብስሞም ዘይተፈቐዱ ናይ ባንክ ወይ ናይ ክረዲት ሕሳባት ንኸይክፈቱ ንምክልኻል፡ ንትሕቲ 16 ዓመት ዝኾኑ ደቆም ነጻ ናይ ክረዲት እገዳ (credit freeze) ክግበረሎም ክሓቱ ይኽእሉ።

ብዛዕባ ናይ ክረዲት ጸብጻባት፡ ናይ ምጭብርባር መተሓሳሰቢታት፡ ከምኡ እውን ናይ ሓለዋ እግደታት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚኦም ተወከሱ፡-

- Equifax: 800-685-1111 | www.equifax.com
- Experian: 888-397-3742 | www.experian.com
- TransUnion: 833-799-5355 | www.transunion.com

ብዛዕባ ሶሻል ሴኩሪቲ ቁጽሪ ከምኡ እውን ናይ ፋይናንስ ሕሳብ ሓበሬታታት ኣብዚ ኣጋጣሚዚ ዘይተወሰዱ እንተኾኑ እውን፡ ናይ ውልቀ ሓበሬታኹም ንምሕላው ጥንቃቐታት ምግባር ዝበረታታዕ እዩ።

**8. ብዛዕባ እዚ ፍጻመዚ ዝግበሩ ርክባት ትክክለኛ ወይ ቅኑዓት ምኻኖም ብኸመይ ክፈልጥ እኽእል?**

ካብ ETS፡ CDE፡ ወይ Experian ብዛዕባ እዚ ኣጋጣሚዚ ዝለኣኹ ዘይተጸበዮኻዮም ኢመይላት፡ ናይ ስልኪ ደወላት፡ ወይ ናይ ጽሑፍ መልእኽትታት እንተመጺኦምኻ ብጥንቃቐ ርኣዮም።

**ንዘይሓተትካዮም ወይ ብዘይተጸበኻዮ መንገዲ ንዝመጹኻ ሕቶታት ምላሽ ክትህብ እንከለኻ፡ ናይ ሶሻል ሴኩሪቲ ቁጽሪ፡ ፓስወርድታት፡ ናይ ፋይናንስ ሓበሬታ ወይ ካልኦት ተሃዋሲ ናይ ውልቀ ሓበሬታታት ኣይትሃብ።**

በዚ ፍጻመ ዝተጸልዉ ሰባት ኣብቶም ናይ መተሓሳሰቢ ደብዳበኦም www.cde.ca.gov/ets ኣብ ናይ ነጻ መንነት-ሓለዋ ኣገልግሎታት ንምምዝጋብ ዝሕግዙ መምርሒታት ክረኽቡ እዮም።

**ምዝገባ ብነጻ ዝወሃብ ኮይኑ፡ ናይ ክረዲት ካርድ ሓበሬታ እውን ኣይሓትትን እዩ።**

ሓደ ዝመጸካ ርክብ ወግዓውን ትክክለኛን ምዃኑ እንተደኣ ኣጠራጢሩካ፡ ንዝበለጸ ሓበሬታ ናይ CDE ወግዓዊ ናይቲ ፍጻመ ዌብሳይት ኣብዚ ተመልከት፦ www.cde.ca.gov/ets

**9. ETSን ምምሕዳር እቲ ግዝኣትን ነቲ ፍጻመ ንምእላይን ኣብ መጻኢ ተመሳሳሊ ንከይኽሰት ንምክልኻልን እንታይ ይገብሩ ኣለዉ?**

እቲ ፍጻመ ምስ ተፈልጠ፡ ETS ድሕነት ናይቲ ሳይት SFTP ንምድልዳል ብዙሕ ስጉምትታት ወሲዱ እዩ። ካብቶም ዝወሰዶም ስጉምትታት፡ ነቲ ሳይት SFTP ካብ ኣገልግሎት ምውጻእን፡ ዝለዓለ ሓለዋ ድሕነት ዘለዎ ሓድሽ ሳይት SFTP ምሉእ ብምሉእ ምህናጽን ይርከብዎ። ETS ክውሰዱ ዝግባእ ተወሰኽቲ ስጉምትታት ድሕነት እውን ብቐጻሊ ይግምግም ኣሎ።

ETS ምስ ኣካላት ሕጊ ኣፈጻጽማን ክኢላታት ድሕነት ሳይበርን ድሕሪ ምስራሕ፣ እቲ ዳታ ንህዝቢ ብግልጺ ተበጻሒ ክኸውን ዘለዎ ተኽእሎ ሓደጋ ንምንካይ ስጉምትታት ወሲዱ እዩ። ብተወሳኺ፡ ETS ብቐጻሊ ኣብ ኢንተርነት ክትትል ብምግባር፡ ክሳብ ሕጂ እቲ ሓበሬታ ንህዝቢ ዕላዊ ከም ዝተገብረ ዘመልክት ዝኾነ መርትዖ ኣይረኸበን።

CDEን ቦርድ ትምህርቲ ግዝኣት (State Board of Education, SBE)ን፡ እቲ ፍጻመ ኣብ ተማሃሮን ስድራቤታትን ካሊፎርንያ ዘለዎ ጽልዋ ንምግምጋም፡ ከምኡውን እቶም በቲ ፍጻመ ዝተጸልዉ ሰባት ግቡእ ሓበሬታን ደገፍን ከምዝረኽቡ ኣብ ምርግጋጽ፡ ምስ ክኢላታት ድሕነት ዳታ ግዝኣት ብሓባር ይሰርሑ ኣለዉ።

ማእከል ምውህሃድ ድሕነት ሳይበር ካሊፎርንያ (California Cybersecurity Integration Center, Cal-CSIC) ኣብ ዲጂታላዊ ፎረንሲክስን ንፍጻመታትን ምላሽ ዝህብ ደገፍን ብምሃብ ኣቢሉ ሓገዝ ይህብ ኣሎ። ክፍሊ ቴክኖሎጂ ካሊፎርንያ (California Department of Technology, CDT)ን ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎታት ህጹጽ ረድኤት ኣመሓዳሪ ካሊፎርንያ (California Governor’s Office of Emergency Services, Cal OES)ን እውን፡ ንቴክኒካዊ፡ ሕጋዊን ኣሰራርሓዊን ምላሽ ክፍለ ግዝኣት ደገፍ ይህባ ኣለዋ።

CDEን SBEን እውን ነቲ ፍጻመን ETS ነቶም ተግባራዊ ዝኾኑ ረቛሒታት ድሕነት ዳታን ናይ ውዕል ግዴታታትን ኣብ ምኽባር ዘለዎ ኩነታትን ይግምግማ ኣለዋ።

**10. ስለምንታይ እዩ ETS ነዚ ሓበሬታዚ ናይ ምብጻሕ/ምርካብ መሰል ነይርዎ?**

ETS ብዘይ መኽሰብ ዝሰርሕ ትካል ገምጋም ትምህርቲ ኮይኑ፣ ኣብ ካሊፎርንያ ኣብ ዝርከቡ መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ዝተመዝገቡ ኩሎም ተማሃሮ ብመሰረት ሕግታት ክፍለ ግዝኣት ካሊፎርንያን ፌደራል መንግስትን ክወስድዎ ዝግባእ ፈተናታት ንኽህብ ምስ መንግስቲ ካሊፎርንያ ብውዕል ዝሰርሕ እዩ።

ETS ምስ ኣብ ምሉእ ካሊፎርንያ ዝካየዱ መደባት ገምጋም ተማሃሮ ብዝተኣሳሰረ መልክዑ ዝሕዞ ናይ ተማሃሮ ስነ-ህዝባዊ ሓበሬታ፣ ኣብ መደባት ዘለዎም ተሳትፎ ዝምልከት ሓበሬታ፣ ከምኡውን ናይ ገምጋም ውጽኢት ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ።